**//st.gallen**

Stadt St.Gallen
Soziale Dienste

እቲ ንግዚኡ ወይ ንቀጻሊ ኣብ ገንዘባዊ መከራ ዘሎ ሰብ፣ ነዚ ኩነት ብእዋን ወይ ብፍጹም ክዕረ ዘይክእል ከምኡ'ውን መንበሪ ገዝኡ ኣብ ከተማ St. Gallen ዘለዎ፣ ገንዘባዊ ሓገዝ ንክቕበል መሰል ኣለዎ። እቶም ናይ ማሕበራዊ ሓገዝ ክፍሊታት ብውልቂ እዮም ዝቕመሩ፣ ማለት ብዝሑ ካብ ግላውያን ኩነታት፣ ካብ ናይ መነባብሮ ክፍሊታት ከምኡ'ውን ካብ ናይ ደሞዝ ኩነታት ይምርኮስ እዩ።

**ሓድሽ ምዝጋብ / ምጽራይ መሰል**

ከም ብሓድሽ ክትምዝገቡ እንተደሊኹም ወይ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ምጽራይ መሰልኩም ቅባለ ማሕበራዊ ሓገዝ ክትፈልጡ እንተትደልዩ ኣብ ማሕበራውያን ኣገልግሎታት (Soziale Dienste) **ብኣካል** ኣብ ዝስዕቡ ግዜታት ክትመጹ ኣለኩም (ቅድም ቆጸራ ምግባር ኣየድልን)፥ ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ፣ ካብ ሰዓት 1:30 ክሳብ 4:30 ድ.ቀ.። ንሓድሽ ምምዝጋብ ብቑዕ ዝኾነ ፓስፖርት ኣድላይ እዩ።
እቲ ቀጻሊ ኣከያይዳ ኣብ መንጎ ግላዊ ሕጽር ዝበለ ዝርርብ ክግለጽ እዩ። እቲ ዝርርብ ብጀርመንኛ ክካየድ እዩ።